ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያን ሱዳንን እናማዕበለ ዝኸይድ ዘሎ ዝምድና፡

ንሰበስልጣን ህግደፍ ጭንቀት ፈጢርሎም ከም ዘሎ ፈለጥቲ ውሽጢ ሓቢሮም።

ውሕስነት ቀጻልነቶም ኣብ ጽልእን ኲናት ዝገብሩ ሰበ-ስልጣን ህግደፍ፡ ኤርትራዊ ሰላም ዘሪጎም ሰላም ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምብልሻው፡ ካብቲ ናብቲ እናተላኸው ጸረ-ህዝቢ ባህሪኦም ሓቢኦም ከሳስዩ ዝነበሮም ሕልሚ ተቓሊዑን ፈሺሉን ትርጉም ዘለዎ ፈታውን መሓዛን ስእኖም፡ ብሓያል ናይ ተነጽሎ ቀዝሒ ኣብ ዝህረምሉ ዘለው ወቕቲ፡ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያን ሱዳንን ደረጃ ብደረጃ እናደልደለ ዝኸይድ ዘሎ ወግዓዊ ዝምድና ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሮም ኣሎ ይብሉ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ ካብ ኤርትራ ዝወጽኡ'ሞ ንድሕነት ስድራ ቤቶም ኣስማቶም ክገልጹ ዘይደለዩ ኤርትራውያን።

ዞባዊ ሰላም እናሃወኹ፡ ንዞባዊ ሰላምን ንሰርሕ ኣለና፡ ብፍላይ ምስ ቀረባ ጎረቤትን ፈታውን መንግስቲ ሱዳን ስትራተጂካዊ ዝምድና ኣለና፡ ንክልተኣዊ ረብሓታት ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት ተሰማሚዕና ብሓባር ንምርሽ ኣለና እናበሉ ዝገልጹ ሰበ-ስልጣን ህግደፍ፡ እቲ ዝምድና ብሓሳብ ኮነ ብተግባር ናይ ክልተ ጎረሓት ሓሙኽሽቲ ስንቆም ዓይነት'ዩ። ኣብ ጸጥታውን ግዝያዊ ነገራዊ ረብሓን ዝተሰረተን ከም ኩነታቱ ዝረስንን ዝዝሕልን'ዩ። ብኣንጻሩ ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ዘይደልይዎ፡ ረብሓ ህዝብታት ማእከሉ ዝገበረ፡ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝምዕብል ዘሎ ወግዓዊ መንግስታውን ህዝቢ ንህዝብን ዝምድናታት፡ ምውሓጥ ኣብይዎም፡ ስለምንታይ? ከመይ ከምኡ ይኸውን? ስርዓት ሱዳን'ኮ መርገጽ የብሉን እናበሉ ውሽጣዊ ስምዒቶም ብኣንጸርጽሮት ኣብ ጎደናታት የስምዑ ከም ዘለውን ኣረዲኦም።

ስርዓት ህግደፍ ንእገዳ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ከም ዝጠሓሰ ተገሊጹ።

ሓንሳብ ኣብ ልዕሌና ዝተመሓላለፈ እገዳ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን'ዩ፡ ይኹን ደኣምበር ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝርከቡ ደገፍቲ መንግስቶም ዝኾኑ ኤርትራውያን ብዝገበርዎ ብርቱዕ ናይ ተቓውሞ ድምጺ ፈሺሉ'ዩ። ካልእ ግዜ ድማ እገዳ ኣልዕሉልና እናበለ ተገላባጢ ርእይቶ ከቃልሕ ዝጸንሐን ዘሎን ስርዓት ህግደፍ፡ ንውሳና ናይ'ቲ ብ2009 ኣብ ልዕሊኡ ዝተመሓላለፈ ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ብምጥሓስ ካብ ሰሜን ኮርያ ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝውዕል ንዋት ከም ዝሸመተ ተረጋጊጹ።

ኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ቤት ምኽሪ ባይቶ ጸጥታ ዘመሓላልፎ ውሳነ ከኽብራ ግዱዳት'የን። ይኹን 'ምበር ኣህጉራዊ ሕግታት ብምጥሓስ ዝፍለጡ መንግስቲ ህግደፍን መንግስቲ ሰሜን ኮርያን ሽያጥን ሸማትን ወተሃደራዊ ነዋት ኮይኖም ከም ዝተረኽቡ፡ ብምስሊ ተደጊፉ ካብ ኣመሪካ ዝተቓለሐ ዜና ሓቢሩ።

መንግስቲ ኣመሪካ ብሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣቢሉ ብ30 መጋቢት 2017 ዘውጽኦ መግለጺ ከም ዘመልከቶ፡ መንግስቲ ህግደፍ ንሓይሊ ባሕሪ ዘገልግል ወተሃደራዊ ናውቲ ካብ ሰሜን ኮርያ ከም ዝሸመተ፡ እዚ ድማ ንውሳነ ባይቶ ጸጥታ ዝጥሕስ ብምዃኑ፡ ንሱ ብመንገዱ ብፍሉይ ከም ዝከታተሎን እገዳ ከም ዝገብረሉን ኣረዲኡ።

ኣብ መንጎ መንግስታት ህግደፍን ሰሜን ኮርያን ኮይኑ፡ ነዚ ዘይሕጋዊ ጉዳይ ዘሳለጠ ሓደ ናይ ማሊዥያ ትካል ከምዝኾነን፡ መንግስቲ ማሊዥያ ነዚ ጥሕሰት ሕጊ ምስ ሰምዐ ነቲ ትካል ከምዝዓጽዎን'ውን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 07-4-2017